ቤት ምኽሪ ንግድን ዘፈር ማሕበራትን መቐለን ቤት ምኽሪ ዘፈር ማሕበራት መቐለን ብሓባር ንዘካይደኦ ባዛርን ኤግዜብሽንን “ሰላም ፋሲካ ኤክስፖ 2017 /ሰላም ንውሑስ ምስፍሕፋሕ ንግዲ 2017/ ብዝብል ቴማ ካብ 05 ክሳብ 19 ሚያዝያ 2017 ዓ/ም ብሽም ቻምበራት መቐለ ዓርሱ ክኢሉ በይኑ ኤግዚብሽንን ባዛርን ከካይድ ዝኽእል /Outsource ገይሩ/ ከወዳድር ይደሊ፤

ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ የካቲት 27, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ቀዳም የካቲት 29, 2017 08:00 ቅደሚ ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:100,000.00
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ቀዳም የካቲት 29, 2017 09:00 ደ/ሰዓት
መደብ: ኢቨንት ምዝግጃው/ ማርኬትንግን ፕሮሞሽን ግልጋሎት/

ምልክታ ውሱን ጨረታ ፕሮሞተራት/ኩነት መዳለውቲ /መተሓባርቲ ባዛርን ኤግዚቢሽንን

ቤት ምኽሪ ንግድን ዘፈር ማሕበራትን መቐለን ቤት ምኽሪ ዘፈር ማሕበራት መቐለን ብሓባር ንዘካይደኦ ባዛርን ኤግዜብሽንን “ሰላም ፋሲካ ኤክስፖ 2017 /ሰላም ንውሑስ ምስፍሕፋሕ ንግዲ 2017/ ብዝብል ቴማ ካብ 05 ክሳብ 19 ሚያዝያ 2017 ዓ/ም ብሽም ቻምበራት መቐለ ዓርሱ ክኢሉ በይኑ ኤግዚብሽንን ባዛርን ከካይድ ዝኽእል /Outsource ገይሩ/ ከወዳድር ይደሊ፤

ስለዚ ፕሮሞተራትን ኩነት መዳለውትን ተመሳሳሊ ፍቓድ ንግዲን ዘለኩም ኣብዚ ጨረታ ክትወዳደሩ ንዕድም፣

ዘድልዩ ረቛሒታት

1. ናይዚ ግብሪ ዘመን ዝተሓደሰ ኣብዚ ዘርፊ ስራሕ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ዘለዎን IN ዘለዎን ዝኾነን፣

2. ቅድሚ ሀዚ በዚ ተግባር ዝሰርሐሉ ልምዲ ዝገልፅ መረዳእታን ብዛዕባ ዘቕርቦም ተሳተፍትን ኣፈፃፅማኡን ኣመልኪቱ ፕሮፖዛል ከቕርብ ዝኽእል ይምረፅ፣

3. ሕጋዊ ነጋዶ ከሳትፍ ዝኽእል፣

4. እቶም ዝቐርቡ ተሳተፍቲ ዝሸጥለ ዋጋ ትሕቲ ከተማ መቐለ ስሩዕ ዕዳጋ ክሸጡ ምኺኖም እተረጋግፀለን እትሕተተሉን መስርሕ ዘቕምጥ፣

5. ካብቶም ዝቐርቡ ተሳተፍቲ፣ 50% ኣፍረይትን ኣምፃእትን፣ ናይ ወፃኢ ዓዲ ትካላት ከሳትፍ መሰረታዊ ካልኦት ዝኽእል፣ እኽልን ጥራምረን፣ ዝኽእል/ከምዘሳትፍ ግቡእ ዝኣቱ፣

6. ናይ ቻምበራት መቐለ ኣዳላውነትን ናይተን ቻምበራት ክብርን ሕጋዊ ሓላፍነተንን ዘኽብር፡፡

7. ንማእኸል ኤግዚቢሽን መቐለ ቻምበር ዝኸፈል ናይ ግልጋሎትን ማቴሪያልን ኪራይ ከይሓወሰ ንቻምበራት ዝኸፈል ብፅሒት ዝተሓተ መበገሲ መጠን ገንዘብ ብር 1,000,000.00 / ሓደ ሚልየን ብር / ክኸፍል ዝኸእል፣
8. ተወዳደርቲ ኣብቲ ዝመልእዎ ናይ ጨረታ ቅጥዒ ንመዳለውቲ ቻምበራት መቐለ/ ክኸፍሉዎ ዝኽእለ ብብር ብኣሃዝን ብፊደልን

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ብንፁር ዘቕምጡ፣

9. ፕሮፎርማ መኽበሪ ብባንኪ ዝተረጋገፀ CPO ብር 100,000.00 ብሽም ቤት ምኽሪ ንግድን ዘፈር ማሕበራትን መቐለ ዘትሕዝ፣

10. ጨረታ ሰዓሪ ናይ ዝሰዓሮ መጠን ገንዘብ 50% ቅድሚያ ውዕል እንትኣስር ኽፊሉ ዝተረፈ ድማ እቲ ባዛር ኣብ ፍርቂ ምስበፅሐ ክኽፍል ዝኽእል፣

ቻምበራት ንዝቐረቡ መወዳደሪ ሓሳባት ሓቅነቶምን ክትግበሩ ዝኽእሉ ምዃኖምን እቲ ባዛር ኣብ ማእኸል ኤግዚቪሽን ቤት ምኽሪ ንግዲን ዘ/ማ/ትን መቐለ ከምዘካይዱን ዘለዎም ልምዲ ስራሕ ገምጊሙን ዝበለፀን ጠቓሚ ኣካይዳን ኣተገባብራን ብንፁር ዘቕረበ ወይ ዘቕርቡ ፕሮሞተራት/መዳለውቲ ኹነት (Promoters or Marketing & Event Organizers) ይምልምላ፣

ተወዳደርቲ እዚ ምልክታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ሰነድ ጨረታ ብር 200.00 ብምኽፋል ካብ ቤት ፅሕፈት ቤት ምኽሪ ንግድን ዘ/ማ/ትን መቐለ ወሲዶም ኣብ ውሽጢ 4 መዓልቲ መወዳደሪ ሓሳቦም ብዝርዝር ኣነፂሮም ናብ ቤ/ፅ ንግድን ዘፈር ማሕበራትን መቐለ የቕርቡ፣ እቲ ምልክታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ 29/06/2017 ዓ.ም ድ/ቀትሪ ሰዓት 8:00 ተዓፅዩ ቻምበራት ብዘጣየሽኡ ናይ ሓባር ኮሚቴ ጨረታን ክትትል ኤግዚቪሽንን ባዛርን ኣቢለን ኣብቲ ዕለት ሰዓት 9:00 ተወዳደርቲ ኣብዝተረኽቡሉ ይኽፈት::

ዝተሓረየ ተወዳደሪ ቻምበራት ብዘዳለወኦ ናይ ኣፈፃፅማ መተግበሪ መርሃ ግብሪ መሰረት ሰዓራይነቱ ምስተፈለጠ/ምስተገለፀ ኣብ ውሽጢ 3 ናይ ስራሕ መዓልቲ ውዕሊ ይኣስር፤ በቲ ውዕሊ መሰረት ድማ ናይ ምትግባር ግቡእ ይህልዎ:: ኣብቲ ዝተጠቐሰ 3 መዓልቲ ውዕል ዘይኣሰረ መትሓጃ ዘትሓዞ CPO ናብ ቻምበር ኣታዊ ተገይሩ ሰዓራይነቱ ይስረዝ፡፡

ቻምበራት ነዚ ከይዲ'ዚ ነቲ ዝሓዘኡ ዕላማ ኣብ ምዕዋት ካሊእ ዝሐሸ ኣማራፂ እንተረኺበን ነዚ ውድድር ብክፋል ይኹን ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰለን ዝተሓለወ እዩ::

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle